# Union of Tigreans in North America (UTNA)

## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 749-8609
Fax. (202) 265-8703

---

ዕለት: December 2, 2021

ካብ ማተሰኣ ዝተውሃበ እዋናዊ መግለጺ፤

ንህዝቢ ትግራይ ካብ ምድሪ ገጽ ከፅንት ዝተሃንደደ ፋሽሽት ኣብዪ ኢሕመድ ብህዝባዊ ቕልፅምን ብውሕሉል ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይን ካብ መብዛሕትኡ ትግራይ ተጸራሪጉ ካብ ዝወጽእ እነሆ ብርክት ዝበሉ ኣዋርሕ ኣቝጽሩ ኣሎ። እቲ ዓውደ ኩናት ድማ ካብ ትግራይ ናብ ማእኸል ሃገር ክሰግር ተገይሩ  እዩ። እዚ ብድስፕሊን ዝተሃነጸ ሰራዊት ትግራይ ነቶም ዘርኢ ምጽናት ዝፈጸሙ ገበነኛታት  ዘየማትእ ስጉምቲ እናወሰደ ንምሩኽ  ወተሃደርን ሓረስታይን  እናብለፀ እናስተየ እንዳሓከመን ብሓፈሻ ዓለም ለኻዊ ናይ እሱራት ኣተሓሕዛ ሕጊ ብዝፈቕዶ መሰረት እንዳሓብሐቦም ይርከብ።

እቲ ኣብ ሓራ መሬት ዝነብር ህዝቢ ኣምሓራ እውን ብዘይ ምንም ስኽፍታን ፍርሕን ባዕሉ ንባዕሉ የማሓድር ከምዘሎ እቲ ህዝቢ ዓይኒ ምስክር እዩ። ምክልኻል ሓይሊ ትግራይ (TDF) ሕራነ፣ ጅግንነትን ወነን ሰኒቑ ነዚ ፋሽሽት መንግስቲ ደድሕሪኡ እናሰዓበ ኣፀቢቑ ዓንደ ሕቑኡ ሰይርዎ እዩ። እዚ ፋሽሽት ሰራዊት ግን ዓንጸ ዓንጾ ንማዕጾ ከምዝበሃል ሰፍ ዘይብል ስዕረት ብዝበጸሖ ቑፅሪ ኣብ ከተማታትን ከም ተከዘ ሃይድሮ ፓወር ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ትካላትን ዕንወት የብጽሕ ኣሎ። ሐዚውን ብተደጋጋሚ ኣብ መቐለን ኣብ ካልኦት ከተማታትን ብፅዑቕ ደብዳባት ንሰላማዊ ህዝቢ ይቐትል የቑስልን የበሳብስን ኣሎ።  እዚ ጽግዕተኛ ፋሽሽት መንግስቲ ዓነውነው ክብል ሓንቲ ዓርቢ ዝተረፈቶ እኳ እንተኾነት ኣለኹ ንምባል ናብ ግምባራት ከይዱ ዘዋግእ ዘሎ መኣንታ ክመስል ኣብ እግሪ ጨዓን ሰራውርን ፎቶ እንዳተልዓለ ነዚ "short memory “ ዝኾነ ህዝቢ እናታለሎ ይርከብ። ውግእ ገይሩ ዘየሸነፎም ቦታታት ድማ ምልሻ፣ ፎጣ ለባሽን ፍሉይ ሓይሊ ኣምሓራን ኣኪቡ "ኣያ ሆሆ" የብሎም ኣሎ። እዚ ብሓሶት ተወሊዱ ብሓሶት ዝዓበየ (pathological liar) ኣብዪ ኣሕመድ ማሕበረሰብ ዓለም ዝተጸየፎን ዝፈንፈኖን ብላይ መንፊት ምኻኑ ዝተገሃደ ሓቂ እዩ። ስለዙይ ድማ በዚ ዝተኾሓሓለን ዝተቐነባበረን ድራማ ማሕበረሰብና ከይዕሾ ከይደናገርን ከይጭነቕን ማተሰኣ ብዕቱብ የተሓሳስብ። የግዳስ ኩሉ ማሕበረሰብና ምስቲ ብምሊተሪ ሳይንስ ዝተሃንጸ ሰራዊት ትግራይ (TDF) ጎኒ ተሰሊፉ ከምቲ ልሙድ ሓጋዛይ ግደ ክፃወት ይግባእ። ሰራዊት ትግራይ (TDF) ብውሕሉል ኣመራርሓ ጀነራላትና ዘደንቑ ዓወታት እናመዝገበ ይርከብ። ኮይኑ ግና ሐደ ክፍለጥ ዘለዎ ጉዳይ ኣሎ፤ ኣብ ዓውደ ኩናት ንቕድሚት ምስጋም ዘሎ ኾይኑ ንድሕሪት ምንስሓብ እውን ከሳራ ዝቕንስን ዘዐውትን እንተድኣኮይኑ ናይ ምሊተሪ ስልትን ስትራተጅን ኣግባብ ምኻኑ ብምርዳእ ቕቡል ገይርካ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ። ስለዙይ ሕዝውን ማሕበረሰብና ብንቕሓት ብብልሓትን ብትዕግስትን ቓልሱ ኣጎሃሂሩ ብትረት ኣብ ጎኒ ህዝቡ ደው ኢሉ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ክፍጽም ማተሰኣ ደጊሙ የዘኻኽር።

ትግራይ ትስዕር!

**Union of Tigreans in North America (UTNA)**